Information pack for refugees

# Refugee Council
## help and advice

Tigrignia

# ንስደተኛታት ዝተዳለወ ጥማር ሓበሬታ

**March 2010**

British Refugee Council, (commonly called the Refugee Council) is a company limited by guarantee registered in England and Wales, [No 2727514] and a registered charity, [No 1014576].
Registered office: 240-250 Ferndale Road, London SW9 8BB, United Kingdom
VAT no: 936 519 988

## መእተዊ

እዚ ጥማር ሓበሬታ'ዚ ነቶም ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዑቕባ ዝሓተቱ እሞ ንኽጸንሑ ፍቓድ ዝተወሃቦም ንምሕጋዝ ዝዓለመ እዩ። ናይ ስደተኛ መንበሪ ፍቓድ (refugee status)፣ ናይ ሰብኣዊ ድሕንነት ዑቕባ (humanitarian protection)፣ ግዜያዊ መንበሪ ፍቓድ (discretionary leave) ወይድማ ንዘይተወሰነ ግዜ ዝወሃብ ናይ መንበሪ ፍቓድ (indefinite leave to remain) እንተደኣ ተዋሂብኩም ኰይኑ፡ ልክዕ ከም ካልኦት ናይ ዓዲ እንግሊዝ ነበርትን ዜጋታትን፡ ብሓፈሽኡ ሓደ ዓይነት መሰላትን ግቡእን ይህልወኩም። ሕጂ ልክዕ ከም ካልኦት ናይ ዓዲ እንግሊዝ ነበርትን ዜጋታትን ክትሰርሑ ይፍቀደልኩም፣ ናይ ጥዕና ኣገልግሎታት ክትጥቀሙ ትኽእሉ፣ ከምእውን ንናይ መንበሪ ኣባይትን ናይ ዌልፈር በነፊትን ንምርካብ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ መንበሪ ፍቓድኩም ኣብ ዝቕጽል ቅሩብ ኣዋርሕ መዓልቱ እንተደኣ ዝወድቕ ኮይኑ፣ ነቲ መንበሪ ፍቓድኩም ንኸተናውሕዎ ናይ ሕጊ ኣማኻሪ ከምዘድልየኩም ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ፤ *ናይ ሕጊ ምኽሪ* ዝብል ኣብ ክፍሊ 9 ዘሎ ተመልከቱ።

ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኩነታት ዝተፈላለየ ስለዝኾነን ዝተፈላለየ ምኽሪ ስለዘድልዮን፡ ኣብዚ ጥማር ሓበሬታ'ዚ ዝተገልጸ ዝኹሉ ዝሸፍን ኣይኮነን። እንተኾነ ግና፡ እዚ ኣብዚ ተገሊጹ ዘሎ ሓበሬታ ንገለገለ ህጹጽ ዝኾነ ድሌታትኩም ብዝምልከት ክሕግዘኩም ተስፋ ንገብር።

ብዝርዝር ምኽሪ ክህብኹም ዝኽእሉ ከምኒ ናይ ዝተፈላለየ ምኽሪ ዝርከበሉ (Citizen's Advice) ኣገልግሎት ዝኣመሰሉ ብዙሓት ማሕበራት ኣለዉ። ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ክትረኽቡ ጠቓሚ እዩ። ምስዚ ጥማር ሓበሬታ'ዚ ተታሓሒዙ ኣድራሻታት ናይ ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ዝተፈለለዩ ምኽርታት ዝርከበሉ ቦታ (Citizens Advice Bureau)፣ ናይ ስራሕን ሓገዛትን ቤት ጽህፈት (Jobcentre Plus)፣ ናይ ሕጊ ማእከላት (Law Centre) ከምእውን ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ (Housing office) ክትረኽቡ ኢኹም። ኣብዚ ጥማር ሓበሬታ'ዚ ናይ ብዙሓት ጠቐምቲ መርበብ ሓበሬታታት ከም መጥቀሲ ጽሒፍናዮም ኣሎና። ኮምፑተር እንተደኣ ዘይብልኩም ኰይኑ፡ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ቤት ንባብ ወይድማ ናይ ኮሚኒቲ ማእከል ብምኻድ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም።

### ትሕዝቶ

ኣብዚ ጥማር ሓበሬታ'ዚ ብዛዕባ እዚ'ም ዝሰዕቡ ነገራት ሓበሬታ ትረኽቡ፥

1. ወግዓዊ ዝኾኑ ሰነዳት
2. ናይ ዌልፌር በነፊት ከምእውን ናይ ግብሪ ክረዲት
3. ኣባይቲ
4. ክንክን ጥዕና
5. ትምህርቲ ንዓበይቲ
6. ናይ መጎዓዚ ሰነዳት
7. ናይ ቤተሰብ ምትእኽኻብ
8. ናይ ባንኪ ሕሳብ ምኽፋት
9. ናይ ሕጊ ምኽሪ

### ምኽሪ ኣበይ ክርከብ ከምዝከኣል

ሕጂ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ክትቅመጡ ፍቓድ ስለዝተወሀበኩም፡ ዝግበኣኩም ኣገልግሎታት ብኸመይ ክትረኽቡ ከምእትኽእሉ ሓገዝን ምኽርን ክትረኽቡ ጠቓሚ እዩ። ናይ ናጻ ምኽርን ሓበሬታን ዝህቡ ብዙሓት ማሕበራት ኣለዉ። ምኽሪ ምርካብ ግዜ ክወስድ ስለዝኽእል፡ ኽትጽበዩ ወይድማ ካልእ መዓልቲ ክትምለሱ ድልዋት ኩኑ። ከምኒ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀንሲ (UK Border Agency) ዝኣመሰሉ ናይ ግሊ ሰነዳት ክትማልእዎም ከምዘለኩም ዘክሩ።

### ኣተርጎምቲ

ቋንቋ እንግሊዘኛ ክትዛረቡ እንተደኣ ዘይትኽእሉ ኰንኩም፡ ሓደሓደ ማሕበራት ኣተርጓሚ ከቕርብልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ብዙሓት ናይ ከባቢያዊ ከምእውን ሃገራዊ መንግስታዊያን ማሕበራት፡ እቲ ዝግበኣኩም ኣገልግሎት ምርካብኩም ንምርግጋጽ ኣተርጎምቲ ከቕርባልኩም ይግባእ።

### ምንጪታት ሓበሬታ

ሓበሬታ ብዛዕባ ስልጠናን ስራሕን፣ ኣባይቲ፣ ዌልፌር በነፊት፣ ከምእውን ካልእ ጉዳያት ኣብዚ መርበብ ሓበሬታዚ ክርከብ ይከኣል፡ http://languages.refugeecouncil.org.uk
ብዛዕባ ስራሕ፣ ኣባይቲ ወይድማ ሕጋዊ ኣሰራርሓ ዝኣመሰሉ ጉዳያት፡ ዝተፈለለዩ ምኽራዊ መምርሒታት ብዝርዝር ሓብሬታ ኣብዚ ይርከቡ፡ www.citizensadvice.org.uk (ብቋንቋ እንግሊዝ ጥራይ)።

ኣብ ከባቢ.ኹም ዝርከብ ቤት ንባብ ወይድማ መርበብ ሓበሬታ በዓል ስልጣን ከባቢ፡ ብዙሕ ጠቓሚ ዝኾነ ሓበሬታ ይህልዎም እዩ።

***እዚ ጥማር ሓበሬታ እዚ ኣብ ዝሕተመሉ እዋን ቅኑዕ ሓበሬታ ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ካልእ እዋን ግን ክቕየር ይኽእል እዩ።***

**ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ብዝምልከት ውሳነ እንተደኣ ተዋሂብኩም እሞ ንናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ቦድ ኤጀንሲ (UK Border Agency - UKBA) ኣብ ዝወሃብ መንበሪ ኣባይቲ እንተደኣ ትቕመጡ ኰንኩም ከምእውን/ወይድማ ካብ UKBA ሓገዝ ትቕበሉ እንተደኣ ኰንኩም፡ እዚ ድሕሪ 28 መዓልታት ከቋርጽ እዩ። ካብቲ ዘለኽሞ መንበሪ ኣባይቲ ለቒቕኩም ክትወጹ ከምእውን ካልእ ሓገዝ ክተናድዩ ይግባእ።**

## 1. ወግዓዊ ሰነዳት

ስራሕ ወይድማ ናይ ዌልፌር በነፊት ወይድማ መንበሪ ኣባይቲ ንምርካብ ከተመልክቱ ከለኹም፡ መንነትኩም ከምእውን ኸምዚ ዝኣመሰሉ ነገራት ክትቅበሉ ብቑዓት ምዃንኩምን ከተረጋግጹ ክትሕተቱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንክትነብሩ መንበሪ ፍቓድ ምስ ተወሃበኩም ከተርእይዎም እትኽእሉ፡ እዞም ዝሰዕቡ ሰነዳት ይወሃብኹም፥

**ናይ ዑቕባ ሕቶ ውሳነ ዝገልጽ ደብዳበ (Determination of asylum claim letter)**
ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ብዝምልከት ኣዎንታዊ ውሳን እንተደኣ ተዋሂብኩም ኰንኩም፡ እቲ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀንሲ (UK Border Agency - UKBA) ክጽሕፈልኩም እዩ። እቲ ደብዳበ ድማ እንታይ ዓይነት ፍቓድ ከም እተወሃበኩም ይሕብር፡ ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ፣ ናይ ሰብኣዊ ደሕንነት ዑቕባ፣ ግዚያዊ መንበሪ ፍቓድ ወይድማ ንዘይተወሰነ ግዜ ዝወሃብ መንበሪ ፍቓድ። እዚ ደብዳበ እዚ ኣዎንታዊ ውሳነ ከምዝተወሃብኩም ከም መረጋገጺ ክትጥቀምሉ አይትኽእሉን ኢኹም።

**ኩነታት መንበሪ ስደተኛታት ዝገልጽ ሰነድ (Immigration Status Document)**
እዚ መንነትኩምን ናይ ስደተኛታት መበሪ ፍቓድኩምን ዝገልጽ ብUKBA ዝተዳለወ ወግዓዊ ሰነድ እዩ። እዚ ወረቐት እዚ ስእልኹም፣ ናይ ግሊ ሓበሬታኹም፣ ናይ ስደተኛታት ፍቓድኩም ዓይነት ከምእውን ንኽንደይ ግዜ ዝኣክል ንምንባር ከም እተፈቐደልኩም ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ። እዚ ሰነድ እዚ ኣዎንታዊ ዝኾነ ውሳነ ምስተወሃበኩም ደድሕሪኡ ክትቅበልዎ ኢኹም። እዚ ሰነድ እዚ እንተደኣ ዘይተቀበልክሞ ኰንኩም፡ ብዛዕባኡ ንምውካስ፡ ናብቲ ኣብ *ናይ ዑቕባ ሕቶ ዝገልጽ ደብዳበ* ዝብል ዝተለኣኸልኩም ጽሑፍ ዘሎ ስልኪ ቁጽሪ ደውሉ። ነዚ ሰነድ እዚ ንምፍጻም ናብ UKBA ስእልታት ክትሰዱ የድልየኩም ይኸውን። እዚ ሰነድ እዚ ኣዎንታዊ ዝኾነ ውሳነ ከም ዝተወሃበኩም መረጋገጺ እዩ።

**NASS ከምዘቋረጸ ዝገልጽ ደብዳበ (NASS Termination Letter)**
ካብ UKBA ናይ ገንዘብ/ኣባይቲ ሓገዝ እንተደኣ ትቕበሉ ኣለኹም እሞ፡ ብዛዕባ ሕቶኹም ድማ ውሳነ እንተደኣ ተዋሂብኩም፡ እዚ ድጋፍዚ ድህሪ 28 መዓልታት ከቋርጽ እዩ። UKBA ደብዳበ ብምጽሓፍ፡ እዚ ድጋፍዚ መዓስ ከምዝቋረጽን ናይ መወዳእታ ክፍሊት መዓስ ከምእትቕበልዎን ክገልጸልኩም እዩ። እዚ ደብዳበ እዚ ናይ UKBA ሓገዝ ከምእተወደአ መረጋገጺ ኣይኮነን።

**NASS 35**
ካብ UKBA ሓገዝ እንተደኣ ትቕበሉ ኣሎኹም፡ ውሳነ ምስተወሃብኩም UKBA ነዚ ፎርም እዚ ክሰደልኩም እዩ። እዚ ሰነድዚ ስእልኹም ከምእውን እንታይ ዓይነት ድጋፍ ከም እተቐበልኩም ዝገልጽ ዝርዝር ሓበሬታ ክህልዎ እዩ። ቅድሚ ናይ ዌልፌር በነፊት ከምእውን ኣባይቲ ምርካብኩም እዚ ወረቐትዚ የድልየኩም። እዚ ሰነድ እዚ ከይተቐበልኩም ናይ ዑቕባ ሓገዝኩም ከምዝቋረጸ እንተደኣ ተሓቢርኩም በዚ ስልኪ ቁጽሪዚ ብምድዋል ተወከሱ፥ 0845 602 1739።

**ናይ ሃገራዊ መድሕን ቁጽሪ**
ናይ ሃገራዊ መድሕን (NI) ቁጽሪ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንኽትሰርሑ ወይድማ ሓገዝ ንኽትረኽቡ ዘድልየኩም ናይ ግልኹም ዝኾነ ቁጽሪ እዩ። NI ቁጽሪ ንኽትረክቡ UKBA የመልክተልኩም ይኸውን እዩ። ኣብቲ መንበሪ ፍቓድ ዝሓዘ ወረቐት ዘሎ ስልኪ ቁጽሪ ብምድዋል እንተደኣ ኣመልኪ.ትልኩም እንተኾይኑ ሕተትዎ። UKBA ናይ NI ንኽትረክቡ ዘየመልከተ እንተደኣ ኮይኑ፡ እሞ ንክትሰርሑ ድማ እዚ ቁጽሪ እንተደኣ ኣድልይኩም፡ ብስልኪ ቁጽሪ 0845 6000 643 ብምድዋል ኣመልክቱ። ኣብ ናይ ስራሕን ሓገዛትን ቤት ጽሕፈት (Jobcentre Plus) ብምኻድ ቃለመጠይቕ ክትገብሩ ክትሕተቱ ኢኹም (ክፍሊ 2 ተመልከቱ)። ናይ NI ቀልጢፍኩም ክትረኽቡ ኣገዳሲ እዩ።

**ኦሪጂናል ሰነዳት ብናይ ፖስታ ኣገልግሎት ክትሰድዎ እንተዘይተሓቲትኩም ክትሰድዎ ከምዘይብልኩም ብኽብረትኩም ዘክሩ። ነቲ ኦሪጂናል ሰነዳት ብናይ ፖስታ ኣገልግሎት ክትሰድዎ እንተደኣ ናይ ግድን ኮይኑ፡ ነቲ ናይ ፖስታ ኣገልግሎት ሰራሕተኛ ነቲ ደብዳቤ ብናይ ሓደራ ደብዳበ ( 'registered post') ጌሩ ክሰደልኩም ሕተትዎ። ኣብ ብዙሕ ጉዳያት ቅዳሕ ናይቲ ኦሪጂናል ሰነዳትኩም ይቕበሉ እዮም።**

## 2. ናይ ገንዘብ ሓገዛት (Welfare benefits) ከምእውን ናይ ግብሪ ክረዲት (tax credits)

**መንግስቲ ዓዲ እንግሊዝ ነቶም ወላ ሓንቲ እቶት ዘይብሎም መሰረታዊ ዝኾነ ናይ መንበሪ ኣበል ብምሃብ ክድግፍ ይኽእል። እዚ መሰረታዊ ዝኾነ ናይ መንበሪ ኣበል ብናይ ገንዘብ ሓገዛት ወይ ድማ ወልፌር በነፊት** (welfare benefit) **ተባሂሉ ይጽዋዕ።**

**እዚ መንግስቲ እዚ ነቶም ዝሰርሑ ግና እቶቶም ኣብ ታሕተዋይ ደረጃ ዘሎ ናይ ግብሪ ክረዲት ብምሃብ ክሕግዞም ይኽእል።**

**ንናይ ዑቕባ ሕቶይ ኣወንታዊ ውሳነ ተቐቢለ፡ ገለ ሓገዝ ድማ እደሊ፤ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ክቕበል እኽእልዶ?**

**ናይ ስደተኛ መንበሪ ፍቓድ፡ ናይ ሰብኣዊ ድሕነት ዑቕባ፡ ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ ወይ ድማ ንዘይተወሰነ ግዜ ዝወሃብ ናይ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ሰባት ናይ ገንዘብ ሓገዛት (ወልፌር በነፊት) ኪረኽቡ ይኽእሉ ኢዮም። ኣብዚ ሕጂ እዋን ዘይትሰርሑ እንተልኹምን እቶት ተዘይብልኩምን ነዚ ሓበሬታ እዚ ብጆብሰንተር ፕላስ ዝጽዋዕ ክፍሊ ናይ እዚ መንግስቲ ክትህቡ ኣለኩም። እዚ መስርሕ'ዚ ድማ 'ሕቶ ምቕራብ' ወይድማ 'ምምልካት' ተባሂሉ ይጽዋዕ።**

**እቲ ብዝሒ ናይ ገንዘባዊ ሓገዝ ኣብ ውልቃዊ ኩነታትኩም ይምርኮስ፤ ካልኣይ/ቲ ወይ ድማ ቆልዑ እንተ ኣልይኩም፣ እቲ ዝወሃበኩም መጠን ክቕየር ይኽእል።**

**ንኣብ ስራሕ ዕድመ ንዘለው ሰባት ሰለስተ ዓይነት ናይ ገንዘባዊ ሓገዛት ኣለው። ንሳቶም አብ ከክልተ ሰሙን ዝወሃበኩም መሰረታዊ ናይ መንበሪ ኣበል ይህቡ።**

- **ናይ ደላዪ ስራሕ ኣበል (Jobseeker's Allowance)**

**እዚ ክፍሊት እዚ ነቶም ክሰርሑ ዝኽእሉ ኮይኖም ዘናድዩ ዘልዉ ኮይኑ ግና ስራሕ ዘይብሎም ኢዩ። ሰባት እዚ ገንዘባዊ ሓገዝ ክረኽብዎ ዝኽእሉ ንጆብሰንተር ስራሕ የናድዩ ከምዘለዉ ዘረጋግጽ መርትዖ ምስዘቅርቡ ኢዩ።**

**ናብ ኮለጅ ወይ ድማ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ትምህርቲ እንተበዝሐ** 16 **ሰዓትን ናይ ደላዪ ስራህ አበልን። እንተድአብ ሰሙን ካብ** 16 **ሰዓት ዝውሕድ ትሰርሑ ኰንኩም እውን ናይ ደላዪ ስራሕ አበል ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።**

- **ናይ ስራሕ ሓገዝ ኣበል (Employment Support Allowance)**

**እዚ ክፍሊት እዚ ብምኽንያት ሕማም ክሰርሑ ንዘይክእሉ ወይ ድማ ብሰንኪ ስንክልና ስራሕ ክሰርሑ ዘሸግሮም ሰባት ይወሃብ። ነዚ አበል እዚ ክትረኽቡ ከተመልክቱ ክትደልዩ ከለኩም ካብ ሓኪምኩም ናይ ሕክምና መርትዖ ከተቕርቡ አለኩም። ጆብሰንተር ወላ ሕማም ወይ ድማ ስንክልና ይሃልኹም ክትሰርሑ ትኽእሉ ኢኹም ኢሉ ክውስን ይኽእል ኢዩ። እዚ ውሳነ እዚ እንተወሲኖም እቲ ገንዘባዊ ሓገዝ ክቋርጽዎ ይኽእሉ ኢዮም።**

- **ናይ ኣታዊ ሓገዝ (Income Support)**

**እዚ ክፍሊት ንቆሉዑ ዘልዉዎ/ዋ ንጽል ወለድቲ ዝወሃብ ኢዩ። እዚ መንግስቲ ነዚ ክፍሊት ዝህቦ ንጽል (ሓደ/ሓንቲ) ወላዲ/ት ንበይኖም ቆልዑ ክዕብዩ አሸጋሪ ምኳኑ ስለዝኣምን ኢዩ። ንጽል ወለዲ ስራሕ የናድዩ ከምዘለዉ ንጆብሰንተር ከርእዩ ኣየድልዮምን ኢዩ።**

**አብ ዓዲ እንግሊዝ ትሕቲ** 1 **(ሓደ) ዓመት ዝገበሩ ናይ ስደተኛ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ናይ አታዊ ሓገዝ ክረኽቡ ከመልክቱን ቋንቋ እንግሊዝ ናይ ምሉእ ግዜ** (full-time) **ክመሃሩ ይኽእሉ ኢዮም። ቅድሚ ንናይ ኣታዊ ሓገዝ**

ምምልካትኩም ኣብ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ትምህርቲ ክትምዝገቡ ኣለኩም (ካብ 16 ሰዓት ዝያዳ ኣብ ሰሙን ዝወስድ ትምህርቲ)።

ሓደሓደ እዋን ናይ ምሉእ ግዜ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ትምህርቲ ቦታ ንምርካብ ነዊሕ እዋን ክወስድ ይኽእል ኢዩ። ንናይ ኣታዊ ሓገዝ ከተመልክቱ ትደልዩ እንተ ኰንኩም፡ ክሳብ ናይ ምሉእ ግዜ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ትምህርቲ ቦታ ትረኽቡ ፈለማ ካልእ ኣይነት ሓገዛት ኪትረኽቡ ከተመልክቱ ትደልዩ ትኾኑ።

**ብኸመይ ከመልክት ይኽእል ናይ ገንዘብ ሓገዛት ክረክብ?**

ንናይ ደላዩ ስራሕ ኣበል፣ ንናይ ኣታዊ ሓገዝ ኣበል ወይ ድማ ንናይ ስራሕ ሓገዝ ኣበል ከተመልክቱ እንተደሊኹም ናብዚ ደዊልኩም **0800 055 66 88** ምስ ኣማኻሪ ተዛረቡ። ቋንቋ እንግሊዝ ክትዛረቡ ዘይትኽእሉ እንተ ኰንኩም ኣብ ኪንዳኹም ኮይኑ ዝድውል ሰብ ርኸቡ።

**ዕድመይ ልዕሊ ናይ ስራሕ ዕድመ ኢዩ፡ ነየናይ ተመልከትኩ ይሓዩሽ?**

ዕድመኹም 60 ወይ ድማ ልዕሊኡ እንተኾይኑ፡ ናይ ጥሮታ ኣበል (Pension Credit) ከተመልክቱ ትኽእሉ። ናብ 0800 991 234 ብምድዋል ከተመልክቱ ትኽእሉ። ቋንቋ እንግሊዝ ክትዛረቡ ዘይትኽእሉ እንተ ኰንኩም፡ ኣማኻሪ ኣተርጓሚ ኣዳሊዩ ኪድውለልኩም ይኽእል ኢዩ። ቅድሚ ምሕታትኩም ዘሎ ሰለስተ ወርሒ ኪትክፈልዎ ስለትኽእሉ፡ ምስ ደወልኩም ከምኡ ክገብርዎ ሕተትዎም ኢኹም።

**ገንዘባዊ ሓገዝ ክረክብ ከመልክት የድልየኒ ግና ቁጽሪ ሃገራዊ መድሕን (National Insurance ) የብለዩን፡ ከመልክት ይኽእል ዶ?**

እወ። ብዘይ ቁጽሪ ሃገራዊ መድሕን ገንዘባዊ ሐገዝ ንምርካብ ምምልካት ይከኣል ኢዩ። ክፍሊት ገንዘባዊ ሓገዝ ንምርካብን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንኽትሰርሑን ቁጽሪ ሃገራዊ መድሕን ክህልወኩም ኣልዎ። እንትኾነ ግና፡ ቅድሚ ቁጽሪ ሃገራዊ መድሕን ምርካብኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኩም። ንሓገዛት ክትረክቡ ክተመልክቱ ኣይትደንጉዩ፤ ክፍሊት ክሓልፈኩም ኢዩ።

**ገንዘባዊ ሓገዝ ንክረክብ ክንደይ ይወስድ?**

ገንዘባዊ ሓገዝ ክትረኽቡ ምስ ኣመልከትኩም ብኡ ንብኡ ኣይወሃበኩምን ኢዩ፤ 28 መዓልታት ወይ ዝያድኡ ክወስድ ይኽእል። ኣብዚ እዋን እዚ ዝኽፈለኩም የልቦን፡ ግና እቲ መስርሕ ምስተወድአ ካብታ ዘመልከትኩምላ መዓልቲ ጀሚራ ክኽፈለኩም ኢዩ።

መብዛሕትኡ ሓገዛት ናብ ናይ ባንክ ሕሳብኩም ኢዩ ዝኪፈል። እንተድኣ ናይ ባንክ ሕሳብ ዘይብልኩም ኮይኑ፡ ኣብ እንዳ ፖስጣ ከድኩም ክትከፍቱ ትክእሉ፣ ገጽ 15 ተወከሱ።

እንተድኣ ወላሓንቲ እቶት ዘይብልኩም ኮይኑን ብቕጽበት ገንዘባዊ ሓገዝ ትደልዩ ኰንኩም፡ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ እዋን ጸገም ዝወሃቡ ልቃሓት (Crisis Loans) ኣብ ገጽ 7 ርአዩ።

**ንነዊሕ እዋን ዝኾነ ክፍሊት ኣይተቐበልኩን፡ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?**

እንተድአ ቅድሚ ክፍሊት ምቕባልኩም ነዊሕ ተጸቢኹም ኰንኩም፡ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ጆብሰንተር ፕላስ እቲ ዘድልዮም ሓበሬታ ከምዘለዎም ሕተቱ። ንናይ ጊዝያዊ ክፍሊት (Interim Payment) ክትቕበሉ ከተመልክቱ ትኽእሉ፡ ገጽ 6 ተመልከቱ።

**ናይ ስራሕን ሓገዛትን ቤት ጽሕፈት (Jobcentre Plus)**

ቤት ጽሕፈት ስራሕን ናይ መብዛሕትኡ ገንዘባዊ ሓገዛት ምምሕዳርን ሰባት ስራሕ ክረኽቡ ምሕግዛን ሓላፍነት ኣለዎ። ቤት ጽህፈቶም ድማ ኣብ መብዛሕቲኡ ዓበይቲ ጎደናታት ይርከቡ ኢዮም። ንመብዛሕትኡ ገንዘባዊ ሓገዛት መወከሲ ኢዮም።

እንተድኣ ንናይ ደላዪ ስራሕ ኣበል፣ ናይ አታዊ ሓገዝ ወይ ድማ ናይ ስራሕ ሓገዝ ኣበል ብተለፎን ኰንኩም አመልኪትኩም፣ ናብ ቤት ጽሕፈት ስራሕን ሓገዛትን ከድኩም ነቲ ዝበልኩምዎ ከተረጋግጹ ክትሕተቱ ትክእሉ ኢኩም። ነቲ ብቤት ጽሕፈት ስራሕን ሓገዛትን ዝወሃበኩም መምርሒ ምኽታል አገዳሲ ኢዩ ምኽንያቱ እንተዘይተኸቲልኩም እቲ ክፍሊታት ከቋርጽዎ ይኽእሉ ኢዮም።

እንተድኣ ሓገዛት አብ ምርካብ ጸገማት አልዩኩም አብ ጥቓኹም ዘሎ ቤት ጽሕፈት ስራሕን ሓገዛትን ክትውከሱ ኣለኩም። ንሳቶም ክሕግዝኹም እንተ ዘይክኢሎም፡ ናብ ሓንቲ አብተን አቀዲምኩም ዝተቐበልኩመን ደብዳበታት ዝርከብ ቁጽሪ ስልኪ ደውሉ። ቅዳሕ ወግዓዊ መዛግብቲ ምስ እትደልዩ፡ ኣብ ከባቢኹም ዘላ ቤት ጽሕፈት ‘ሓቅነት ዘለዎ‘ ቅዳሕ ክዳልውልኩም ይኽእሉ ኢዮም። እዚ ካብ ወግዓዊ መዛግብቲ ብፖስጣ ምልኣኽ ይሓይሽ።

## ሓገዛት ንስድራቤታትን ቆልዑን

### ቆልዑ አለዉኒ፤ ተወሳኺ ሓገዝ ክረክብ እኽእል ዶ?

ቆልዑ እንተ ሃልዮምኹም፡ ወይ ጥንስቲ እንትኰንክን ወይ ክትሓርሳ ቀሪብኪን እንትኰንክን፣ ተወሳኺ ደገፍ ክትጥልቡ ትኽእሉ ኢኹም። እዞም ዝስዕቡ ሓገዛት ነቶም ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ፡ ናይ ሰብኣዊ ድሕነት ዑቕባ፡ ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ ወይ ድማ ንዘይተወሰነ ግዜ ዝወሃብ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ቆልዑ ንወለዶም ዝወሃቡ ሓገዛት እዮም።

- **ሓገዝ ቆልዑ (Child Benefit)**

  እንተድኣ ትሕቲ 19 ዓመት ዕድመ ዘለዎም ቆልዑ አልዮምኹም ሓገዝ ቆልዑ ናይ ምርካብ ተኽእሎ አሎ። እንተድኣ ትሕቲ 16 ዓመት ዕድመ ዘለዎም ቆልዑ ኣልዮምኹም ድማ ሓገዝ ቆልዑ ኪትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

  ሓገዝ ቆልዑ ፎርም ብምምላእ ኢዩ ዝምልከት። ነዚ ፎርም ንምርካብ ድማ ናብ ተለፎን ምኽሪ መስመር ናይ ሓገዝ ቆልዑ (Child Benefit Helpline) አብ 0845 302 1444 ብምድዋል ወይ ድማ ናብ www.direct.gov.uk አቲኹም ነቲ ሓገዝ ቆልዑ ፎርም ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

  አብ ውሽጢ ሰለስት ወርሒ ካብታ ኣወንታዊ ውሳነ ዝተቀበልኩምላ ናይ ሓገዝ ቆልዑ እንተድኣ ኣመልኪትኩም እቲ ትኽፈልዎ ካብታ ቀንዲ ናይ ዑቕባ ሕቶ ዘቅረብኩምላ ክትክፈሉ ኣለኩም። እዚ ክትረኽቡ ግና ከተመልክቱ ከለኹም አብቲ ፎርም ብምጽሓፍ ወይ ድማ ካልእ ደብዳበ ብምጥባቕ ክኽፈለኩም ክትሓቱ አለኩም።

- **ናይ ቆልዓ ግብሪ ክረዲት (Child Tax Credit)**

  ቆልዑ ዘለዉዎም እሞ እቶቶም ትሑት ዝኾኑ ወይ ድማ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝቅበሉ ዘለዉ ናይ ቆልዓ ግብሪ ክረዲት ክኽፈሎም ይኽእል እዩ። ቤት ጽሕፈት ስራሕን ሓገዛትን ከተመልክቱ ክሕግዝኹም ዝኽእል ኮይኑ ከምኡውን እቲ ክፍሊት ካብታ ዑቕባ ዝሓተትኩምላ ጀሚሩ ተጸብጺቡ ክወሃበኩም ይግባእ (ኣብ ላዕሊ ተመልከቱ)። እንተድኣ ሓገዝ ካብ ቤት ጽሕፈት ስራሕን ሓገዛትን ክትረኽቡ ተሸጊርኩም ናብ ግብሪ ክረዲት ናይ ምኽሪ መስመር 0845 300 3900 ብምድዋል ፎርም ክወሃበኩም ሕተቱ።

- **ንሓራሳት ዝወሃን ሓገዝ (Maternity Grant)**

  እንተድኣናይ ገንዘብ ሓገዛት ትቕበላ ኣሊኺን ከምኡ ድማ አብ ውሽጢ 11 ሳምንቲ ክትሓርሳ እንትኰንክን፡ ወይ ድማ አብ ውሽጢ እዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ኣዋርሕ እንተድኣ ሓሪስክን ሓንሳብ ዝከፈል £500 ክትቕበላ መሰልክን ኢዩ። ንኽተመልክታ አብ ጥቓኽን አብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ስራሕን ሓገዛትን ብምኻድ ፎርም ወሲድክን ክትመልእኦ ኣለክን።

- **ሓገዝ ንጥዕና አብ እዋን ጥንሲ (Health in Pregnancy Grant)**

  እንተድኣ ተውሓደ ናይ 25 ሳምንቲ ጥንስቲ እንትኰንክን £190 ክወሃበክን ተኽእሎ ኣሎ። ንሓኪምክን ወይ ድማ መሕረሲት ናይ መሕተቲ ፎርም ክህቡኽን ሕተታኦም። እንተድኣ ዘይብሎም ኮይኑ፡ ናብ 0845 366 7885 ክትድውላ ትኽእላ። ፎርም ናብ ሓኪምክን ወይ ድማ መሕረሲት ክለኣኽ ኢዩ።

### ስንክልና ስለዘለኒ ዝኣልየኒ ሰብ እደሊ፡ ተወሳኺ ደገፍ ክረክብ እኽእል ዶ?

እቲ ዘለኩም ሕማም ወይ ድማ ስንክልና ናይ ግድን ሰብ ክኣልየኩም ዘድልየኩም እንተደኣኾይኑ ወይ ድማ ብእግርኹም ክትከዱ ትጸገሙ እንትኰንኩም፡ ተወሳኺ ደገፍ ክትረኽቡ ተኽእሎ አሎ። እዚ ድማ ናይ ስንክልና መንበሪ አበል (Disability Living Allowance) ወይ ድማ ናይ ሓጋዚ አበል (Attendance Allowance) ብምባል ይፍለጥ። ኢዚ ሓገዝ ክተመልክቱ ድማ ፎርም ክትመልኡ የድሊየኩም፡ እዚ ፎርም ንምርካብ ጥቓኹም አብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ስራሕን ሓገዛትን ክርከብ ይከአል፡ ወይ ድማ ናብ ቁጽሪ ስልኪ ናይ ሓገዛት መሕተቲ መስመር (Benefit Enquiry Line) 0800 882 200 ብምድዋል ምሕታት ይከኣል።

እንተድኣ ንናይ ስንክልና መንበሪ አበል ወይ ድማ ናይ ሓጋዚ ኣበል ንዝወስድ ሰብ ትከናኸንዎ አሊኹም ተወሳኪ ደገፍ ኪትረኽቡ ተኽእሎ አሎ። እዚ ድማ ኣበል አላዪ (Carer’s Allowance) ይበሃል። ፎርም ክትመልኡ የድሊየኩም፡ እዚ ፎርም አብ ጥቓኹም አብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ስራሕን ሓገዛትን ክርከብ ይከአል፡ ወይ ድማ ናብ ቁጽሪ ስልኪ ናይ ሓገዛት መሕተቲ መስመር ብምድዋል ምውካስ ይከኣል።

እንተድኣ ካልእ ገንዘባዊ ሓገዛት ትቕበሉ ኣሊኹም፣ ናይ ኣበል ኣላዪ ክትረኽቡ አይትኽእሉን ትኾኑ ኢኹም፡ ግና አብቲ ትቕበልዎ ዘለኹም ሓገዛት ካልእ ተወሳኺ ክፍሊት ክትረክቡ ትክእሉ። እንተድኣ ናይ ኣበል አላዪ ተቀቢልኩም ናይቲ ትከናኸንዎ ዘለኹም ሰብ ዝወሃቦ ዝነበረ ገንዘባዊ ሓገዛት ክንኪ ይኽእል ኢዩ። ኢዚ ዝወሃብ ናይ አበል ኣላዪ ምቕባል አብ ልዕሊ ካልኦት ገንዘባዊ ሓገዛት ዘለዎ ጽልዋ ንምፍላጥ ናብ ስልኪ ናይ ሓገዛት መሕተቲ መስመር ብምድዋል ምሕታት ይግባእ።

### ናይ ገንዘብ ሓገዛት ንምርካብ ኣመልኪተ ኣለኹ፡ እንተኾነ ግና ምንም ገንዘብ የብለይን። እንታይ ክገብር እኽእል?

### ኣብ እዋን ጸገም ዝወሃብ ልቃሕ (Crisis Loan)

ገንዘብ እንተዘይብልኩም እሞ ናይ ሓገዝ ሕቶኹም ክሳብ ዝረአ ክትጸበዩ እንተደኣ ዘይትኽእሉ ኰንኩም፡ ናይ ግዜ ሽግር ልቓሕ ንምርካብ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ድማ ብስልኪ ቁጽሪ 0800 032 8345 ብምድዋል ወይድማ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ስራሕን ሓገዛትን ቤት ጽሕፈት ብምኻድ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ግዜ ሽግር ልቓሕ ዝበሃል፡ ምንም ገንዘብ ንዘይብሎም፣ ክሕግዞም ዝኽእል ሰብ ንዘይብሎም፣ ከምእውን መግቢ ንምግዛእ ገንዘብ ዘድልዮም ሰባት ዝወሃብ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ልቓሕ ኣብ ኻልእ መዓላ ክውዕል ኣይክእልን። ናይ ግዜ ሽግር ልቓሕ ንኽልተ ሰሙን ዝኣክል ናይ ግዜ ገደብ ስለዝወሃብ፡ ኣብዚ ናይ ግዜ ገደብዚ ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ከምዘድልየኩም ብምግንዛብ ክንድኡ ዝኣክል ከወሃበኩም ሕተቱ።

እዚ ካብ ናይ ስራሕን ሓገዛትን ቤት ጽሕፈት ዝወሃብ ልቓሕ ስለዝኾነ ብኽብረትኩም ልቓሕኩም ክትከፍሉ ከምዘለኩም ዘክሩ። እዚ ብዙሕ ግዜ ካብቲ ናይ ገንዘብ ሓገዝኩም በብቑሩብ (ከባቢ £3) ሰሙናዊ እንዳተቖርጸ ይኽፈል።

### ግዜያዊ ክፍሊት (Interim Payment)

ናይ ገንዘብ ሓገዛት ንኽወሃበኩም እንተደኣ ኣመልኪትኩም እሞ እቲ ናይ መጀመርያ ክፍሊትኩም ንነዊሕ ግዜ እንተደኣ ዘይተቀበልክሞ፡ ነቲ ናይ ስራሕን ሓገዛትን ቤት ጽህፈት ናይ ግዝያዊ ክፍሊት ክገብረልኩም ሕተትዎ። እቲ ናይ ከባቢኹም ናይ ስራሕን ሓገዛትን ቤት ጽሕፈት ክሕግዘኩም እንተደኣ ዘይከኣለ፤ ነቲ ካብ ቤት ጽሕፈት ስራሕን ሓገዛትን ዝተቐበልክሞ ደብዳበ፡ ኣብቲ ላዕሊ ናይቲ ገጽ ዘሎ ቁጽሪ ስልኪ ብምድዋል ግዜያዊ ክፍሊት ክገብረልኩም ሕተቱ።

### ብዙሕ ኣታዊ ገንዘብ የብለይን፤ ተወሳኺ ሓገዝ ክረክብ እኽእል ዶ?

ኣብ ሰሙን ብውሕዱ 16 ሰዓታት እንተደኣ ትሰርሑ ኮንኩም ኣብቲ ናይ ስራሕ ግብሪ ክረዲት **(Working Tax Credit)** ዝብል ብምምልካት ተወሳኺ ሓገዝ ንዓኹም/ንቤተሰብኩም ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ግብሪ ክረዲት (Tax Credit) ፎርም ንኽትረኽቡ ብስልኪ ቁጽሪ 0845 300 3900 ብምድዋል ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

### ለውጢ ኣብ ኩነታትኩም

ኣብ ኩነታትኩም ዝኾነ ለውጢ እንተደኣ ተጌሩ ቀልጢፍኩም ኣቲ ቤት ጽሕፈት ናይ ስራሕን ሓገዛትን ቤት ጽሕፈት ክትሕብርዎ ይግበኣኩም። ኣብነታት ናይቶም ዝህልዉ ለውጥታት ሲዒቦም ተዘርዚሮም ይርከቡ፥

- እንተደኣ ተመርዒኹም
- ኣድራሻ ምስእትቕይሩ
- ስራሕ ምስእትረኽቡ
- ምስ እትሓሙ ወይድማ ምስዝጽለኣኩም
- ካብ ሕማምኩም ምስእትፍወሱ

ዝኾነ ለውጢ እንተደኣ ኣሎ ክትሕብሩ ኣድላዩ እዩ፡ ከምኡ ምስዘይትገብሩ ግና ሕጊ ትጥህሱ ኣለኹም ማለት እዩ። ብዛዕባ ናይ ገንዘብ ሓገዛት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታዚ ተመልከቱ፡ www.direct.gov.uk ወይ www.citizensadvice.org.uk

## 3. መንበሪ ኣባይቲ

**ካብቲ ናይ UKBA መንበሪ ኣባይቲ መዓስ ክወጽእ ኣሎኒ?**

ነቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ብዝምልከት ውሳነ እንተደኣ ተዋሂቡ፡ ናይ ዑቕባ ሓገዛትኩም ድሕሪ **28 መዓልታት** የቋርጽ። UKBA መንበሪ ኣባይቲ እንተደኣ ሂብኩም ኔሩ፡ ኣብ ውሽጢ 28 መዓልታት ለቒቕኩም ክትወጹ ትሕተቱ። ብልክዕ መዓስ ክትወጹ ከምዘለኩም ዝሕብር ደብዳበ ክትቕበሉ ኢኹም።

**ማሕበራዊ ኣባይቲ እንታይ እዩ?**

ማሕበራዊ ኣባይቲ ክበሃብ እንከሎ ኣባይቲ ንዘድለዮም ሰባት፡ ብሕሰር ዝበለ ዋጋ ይወሃብ። ብናይ ከባቢ ቤት ምኽሪ (councils) (በዓል መዚ) ወይድማ ናይ ኣባይቲ ማሕባራት (housing associations) (ነቶም ዘድልዮም ሰባት መንበሪ ኣባይቲ ዝህብ ከምኡ ንምግባር ድማ ካብ መንግስቲ ናይ ገንዘብ ሓገዛት ዝወስድ ርእሱ ዝኸኣለ ንትርፊ ዘይሰርሕ ማሕበር) ክወሃብ ይከኣል።

**ሓገዝ ንምርካብ ናበይ ክኼይድ ኣሎኒ?**

ክትቕመጥሉ እትኽእሉ ቦታ ምንም እንተዘይብልኩም ናብቲ ናይ ከባቢኹም ቤት ምኽሪ ክፍሊ ኣባይቲ ክትከዱ ይግባእ።

**ክቕመጠሉ ዝኽእል ቦታ ብህጹጽ የድልየኒ**

ኣብቲ ብUKBA ዝወሃብ መንበሪ ኣባይቲ ወይድማ ምስ ፈታዊ ወይ ምስ ዘመድ እንተደኣ ክትቕመጡ ጸኒሕኩም እሞ ኣብ ውሽጢ ዝስዕብ 28 መዓልታት ክትወጹ እንተደኣ ተነጊርኩም፡ ናብቲ ቤት ምኽሪ ብምኻድ መንበሪ ገዛ ከምዘይብልኩም ከተመልክቱ ይግበኣኩም። እቲ ቤት ምኽሪ ኣድላዪ ምኽሪ ክህበኩም ከምእውን ክትነብርሉ እትኽእሉ ቦታ ክረኽበልኩም ሕጋዊ ግዴታ ኣለዎ።

ብተወሳኺ እቲ ሕጊ፡ መሕደሪ ገዛ ንዘይብሎም ሰባት ወይድማ ኣብ ቀረባ እዋን መሕደሪ ዝስእኑ ሰባት፡ ከምእውን ብፍሉይ ዝኾነ ምኽንያት ብቐሊሉ ዝጥቅዑ ሰባት ናይ ህጹጽ መንበሪ ኣባይቲ ክረኽበሎም ኣለዎ ብምባል ይገልጽ። እዚ ማለት ድማ፡ ኣብ ጽርግያ እንተደኣ ሓዲርኩም ካብቲ ዝኾነ ገምጋም ሰብ ክበጽሖ ዝኽእል ሓደጋ ንላዕሊ ክበጽሓኩም ይኽእል እዩ ማለት እዩ። እቲ ቤት ምኽሪ እዚ ነገርዚ ንዓኹም ይምልከት እዩ ኢሉ እንተደኣ ኣሚኑ፡ ነዚ ከምዚ ዓይነት ኩነታት 'ቀዳምነት ዝወሃቦ ድሌት' ( 'priority need') ናይ መንበሪ ኢሎም ይጽውዕዎ።

ሰባት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ብቐሊሉ ክጥቀዑ ይኽእሉ፡ ንኣብነት፥

- ስንክልና ወይድማ ናይ ኣካላዊ፣ ስነኣእምራዊ ጥዕና ሽግር ዘለዎም ሰባት
- ጥኑሳት ኣንስቲ
- ቆልዑ ዘለዎም ሰባት
- 16 ከምእውን 17 ዓመት ዝዕድሚኦም

- ካብ ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክንክን ዝረኽቡ ሰባት
- ናይ ሓዊ፣ ውሕጅ ወይድማ ካልእ ዕንወት ግዳይ ዝኾኑ
- ሽማግለታት
- ናይ ዘቤታዊ ዓመጽ ግዳይ ዝኾኑ
- ኣብ ቀረባ እዋን ካብ ቤት ማእሰርቲ ዝወጹ ሰባት
- ናይ ድራግ ወይድማ ኣልኮሆል ወልፊ ዘለዎም ሰባት

እቲ ቤት ምኽሪ ኩነታትኩም ብጥንቃቐ ምስረኣየ፡ መንበሪ ኣባይቲ ክህበኩም ይኽእል ወይ ዘይክእል ምዃኑ ውሳነ ይህብ። ክሕግዘኩም ይኽእል እንተኾይኑ ንምርግጋጽ ቃለመጠይቕ ክገብረልኩም እዩ።

**ናይ መሕደሪ ገዛ ዘይብሎም ምልክታ ንምምልካት ናበይ ክኸይድ ኣሎኒ?**

እንተደኣ ተኻኢሉ፡ ቀጸራ ንምሓዝ ነቲ ቤት ምኽሪ ክፍሊ ኣባይቲ ክትውከስዎ ይግባእ። እንተዘይኮይኑ ድማ ኣብኡ ንምኺድ ነቲ ብዛዕባ መሕደሪ ዘይብሎም ሰባት ዝምልከቶ ሰብ ከተዘራርቡ ሕተትዎም። እቲ ቤት ምኽሪ ነቶም መሕደሪ ዘይብሎም ኣመልከቲ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፎም ቃለመጠይቕ ይገብርሎም። ሽውንሽው ቃለመጠይቕ ንኽትገብሩ ክትሕተቱ ትኽእሉ ኢኹም። ወይድማ ተመሊስኩም ንኽትመጹ እቲ ቤት ምኽሪ ቀጸራ ይሕዘልኩም። መሕደሪ ዘይብሎም ምስትኾኑ ድማ እቲ ቤት ምኽሪ ኣብታ መዓልቲ እቲኣ ክሕግዘኩም ኣለዎ።

**ናብቲ ቃለመጠይቕ እንታይ ሒዘ ክመጽእ ዘሎኒ?**

ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ሰነዳትን ደብዳቤታትን ሒዝኩም ክትከዱ ይግባእ፡ ብዝያዳ ግና ነዞም ዝሰዕቡ፥

- **ናይ መንነት መረጋገጺ ከምእውን ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ** – ናይ ስደተኛታት መንበሪ ሰነዳት ወይድማ ካብ UKBA ዝተቀበልክሞ መንበሪ ፍቓድ ከም ዝተወሃበኩም ዝገልጽ ደብዳበ። ከምእውን ናይ ዝኾነ ኣባል ቤተሰብኩም ዝኾነ ሰብ መረጋገጺ መንነት ከምእውን ምሳኹም ዘለዎም ዝምድና ዝገልጽ ወረቐት ንኣብነት ናይ ትውልዲ መረጋገጺ ሰርቲፊኬት።
- **መሕደሪ ዘይብልኩም ምዃኑ ወይድማ ኣብዚ ቀረባ እዋን መሕደሪ ከምእትስእኑ ምዃንኩም መረጋገጺ** - ካብ UKBA ወይድማ ካብቲ ምስኡ እትቕመጡ ግለሰብ ካብቲ መንበሪ ለቒቕኩም እትወጽሉ ግዜ ዝገልጽ ደብዳበ
- **መረጋገጺ ኣድራሻ** – ብፍላይ ካብ ናይ መንግስታውያን ትካላት ወይድማ ካብ UKBA ደብዳቤታት ምምጻእ ይምረጽ
- **ናይ ሓደጋ ተጠቃዒ ምዃንካ መረጋገጺ** - ብዛዕባ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ጉዳያት ብዝምልከት ንዝኾነ ኣባል ቤተሰብ ዝገልጽ ደብዳቤታት ወይ ካልእ ወረቓቕቲ።

**እቲ ቤት ምኽሪ ክሕግዘኒ ኣይከኣለን ኣነ ግና መሕደሪ የብለይን**

ሓደሓደ ናይ ኣባይቲ ገበርቲ ሰናይ ንመሕደሪ ዘይብሎም ሰባት ናይ ህጹጽ መንበሪ ኣባይቲ ይህባ እየን። እቲ ዝህብኦ ዓይነት መንበሪ ድማ ሆስተል ወይድማ ናይ ለይቲ መዕቆቢ ተባሂሉ ክጽዋዕ እንከሎ ብዙሕ ግዜ ንሓጺር ግዜ ጥራይ እዩ ዝወሃብ። መብዛሕትኡ ሆስቴላት ነዊሕ ናይ ተጠባበቕቲ ሊስታ ይህልዎ ወይድማ ንዑኡ ንኽትረኽቦ ፍሉይ ዝኾነ መምዘኒታት ይሓቱ፡ ንኣብነት፡ ኣብ ዝተፈለየ ናይ ዕድመ ክልል ዘለዉ ሰባት ጥራይ ይኸውን። ካብቲ ናይ ከባቢኻ ቤት ምኽሪ ወይድማ ኣብዞም ዝሰዕቡ መርበብ ሓበሬታታት ዝርዝር ኣድራሻታት ናይ ሆስቴላት ክትረክቡ ትኽእሉ፥

www.homelesslondon.org.uk
http://england.shelter.org.uk

ከምእውን ናብዚ ዝሰዕብ ናይ መሕደሪ ዘይብሎም መስመር ሓበሬታ ክይድውሉ ትኽእሉ ኢኹም፥
**ናይ ሽግር ግዜ (Crisis) -** 0844 251 0111
**መዕቆቢ (Shelter)** - 0808 800 4444
**ናይ ሎንደን ካብ ጽርጊያ ምድሓን (London Street rescue)** - 0870 383 3333
www.thamesreach.org.uk፥ www.pavement.org.uk፥ www.stmungos.org/

ከምእውን ናብቲ ናይ ከባቢኹም ዝተፈለለየ ምኽሪ ዝርከበሉ ቦታ ብምኻድ ብዛዕባ ሆስቴላት ወይድማ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ናይ ምኽሪ ማእከላት ሓበሬታ ክህብኹም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

**ናይ ኣባይቲ ምኽሪ ንምርካብ ብኸመይ የመልክት?**

ዝኾነ ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ፣ ናይ ሰብኣዊ ድሕነት ከለላ፣ ወይድማ ግዜያዊ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎ ሰብ፡ ልክዕ ከም ናይ እንግሊዛዊ ዜግነት ዘለዎ ሰብ ናይ ኣባይቲ ምኽሪ ንምርካብ ከመልክት ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግና፡ ብዙሓት መንበሪ ኣባይቲ ዝደልዩ ሰባት ስለዘለዉ፡ እቲ ቤት ምኽሪ ነቶም ኣጸቢቑ ዝድልዮም ሰባት ጥራይ ክህቦም ይኽእል እዩ። ካብቲ ናይ ከባቢኹም ናይ ቤት ምኽሪ ክፍሊ ኣባይቲ ናይ መመልከቲ ፎርም ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም።

እቲ ቤት ምኽሪ፡ ማዕረ ክንደይ መንበሪ ከምዘድልየኩም ኣብቲ ናይ ግሊ ኩነታትኩም ብምሙርኳስ ክውስን እንከሎ ገለገለ ናይ ብልጫ ቁጽርታት ድማ ክህበኩም እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ኣጸቢቑ ዝተጻበበ መንበሪ ወይድማ ንጥዕናኹም ዝጎድእ ጽሬት ዘይብሉ ቦታ እንተደኣ ትነብሩ ኰንኩም ኣብቲ ናይ መጸበዪ ሊስታ ቀዳምነት ይወሃበኩም።

## ናበየናይ ቤት ምኽሪ ክኸይድ ኣሎኒ?

ኣብዚ ዓዲ ዘሎ ናብ ዝኾነ ቤት ምኽሪ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም፡ እንተኾነ ግና ምሳታቶም ናይ ከባቢ ርክብ እንተደኣ ዘይብልኩም ኰይኑ ናብ ካልእ ቦታ ክሕልፍኹም እዮም። ናይ ከባቢ ርክብ ኣሎኩም ዝበሃል ከምዚ ዝስዕብ ምስዝህሉ እዩ፦

- ኣብኡ ትሰርሑ
- ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ክልተ ኣዋርሕ ንሹድሽተ ኣዋርሕ ዝኣክል ኣብኡ እንተደኣ ተቐሚጥኩም ወይድማ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ንሰለስተ ዓመታት ዝኣክል እንተደኣ ተቐሚጥኩም።
- ንሓሙሽተ ዓመታት ዝኣክል ኣብኡ ዝተቐመጠ ቀረባ ኣባል ቤተሰብ እንተደኣ ኣሎኩም።
- ናይ መንበሪ ፍቓድ ውሳነ ክትወሃቡ እንከለኹም ኣብኡ ብ UKBA መንበሪ ተዋሂብኩም እንተኾይኑ

## ብግሊ ዘካርዩ መንበሪ ኣባይቲ ብኸመይ ክረክብ እኽእል?

ንበይኖም ዝነብሩ ወይድማ ንቖልዑ ዘይብሎም ሰብ ሓዳር ኣብቲ ናይ መጸበቲ ሊስታ ቀዳምነት እንተደኣ ዘይተወሃቡ፡ ካብ ናይ ግሊ ወነንቲ ኣባይቲ ምክራይ ብዙሕ ግዜ እቲ እንኮ ኣማራጺ ይኸውን። ብናይ ግሊኻ ምክራይ ብዙሕ ጥቕምታት ክህልዎ ይኽእል ምኽንያቱ፡ ኣባይቲ ቀልጢፍኩም ክትረክቡ ትኽእሉ ከምእውን ብዙሕ ነገራት ባዕልኹም ክትቆጻጸሩ ትኽእሉ፤ ንኣብነት ቦታ፣ እቲ እትፈትውዎ ወይ ዝጥዕመኩም ዓይነት ገዛ ምምራጽ፣ ከምእውን ኣቑሑ ዘለዎ ወይድማ ዘይብሉ ብምባል ዝደለኽሞ ክትመርጹ ትኽእሉ። እቲ እትደልይዎ ዓይነት ገዛን ናይ ገንዘብ ዓቕምኹን ኣብ ግምት ምእታው ኣድላዪ እዩ።

ኣብ ኢንተርነት ወይድማ ናይ ከባቢ ጋዜጣ፣ ኣብ ናይ ዕዳጋ መርኣዪ ቦታ ከምእውን ናይ ምልክታ ሰሌዳ ብምርኣይ ወይድማ ብመንገዲ ናይ መካረዪ ኤጀንሲ ኣቢልኩም መንበሪ ኣባይቲ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ናይ መንበሪ ክራይ ብኸመይ ይኽፍሎ?

ኣታዊኹም ትሑት ምስዝኸውን፣ ወይድማ ናይ ገንዘብ ሓገዛት እንተደኣ ትቕበሉ ኰንኩም፡ ናይ ኣባይቲ ሓገዝ (Housing Benefit) ከምእውን ናይ ቤት ምኽሪ ግብሪ ክረዲት (Council Tax Benefit) ሓገዝ ክትወሃቡ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ሰባት ናይ ክራይ ከምእውን/ወይድማ ናይ ቤት ምኽሪ ቀረጽ ንምኽፋል ክሕግዞም ተባሂሉ ብቤት ምኽሪ ዝወሃብ ገንዘብ እዩ። ነዚ ከተመልክቱ እትኽእሉ ምስቲ ኣካራዪ ነቲ ናይ ክራይ ውዕል ምስ እትፍርሙ ጥራይ እዩ – እዚ ድማ እቲ ቤት ምኽሪ፣ ማሕበር ኣባይቲ ወይድማ ናይ ወናኒ ናይ ግሊ ኣባይቲ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ናይ ምክራይ ውዕል ብዛዕባ ክትከፍልዎ ዘለኩም ዋጋ ክራይ፣ ከምእውን እትቕመጥሉ ግዜ ከምእውን ሕግን ኣሰራርሓን ዝገልጽ ጽሑፍ እዩ። ናይ ኣባይቲን ሓገዝ ናይ ቤት ምኽሪ ቀረጽን ፎርም ካብቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ቤት ምኽሪ መርበብ ሓበሬታ ዳውንሎድ ክትገብርዎ ወይድማ ናብ ቤት ጽሕፈቶም ብምኻድ ከተምጽኡ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ፎርም እዚ ብዝኸተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ነቲ ክፍሊ ናይ ኣባይቲ ሓገዝ ክትህብዎም ይግባእ።

## ክንደይ ዝኣክል ናይ ኣባይቲ ሓገዛት ክረክብ እኽእል?

ምንም ኣታዊ እንተደኣ ዘይብልኩም ወይድማ ናይ ገንዘብ ሓገዝ እንተደኣ ትቕበሉ ኣሎኩም፡ መንግስቲ ናይቲ እትቕመጥሉ ኣባይቲ ገምጋም ዋጋ ናይ ክራይ ክኸፍል እዩ። እዚ ድማ ናይ ከባቢ መንበሪ ኣባይቲ ኣበል (Local Housing Allowance) ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቲ ክራይኩም ካብቲ ናይ ከባቢ መንበሪ ኣባይቲ ኣበል ዝኸፍሎ ዋጋ ንላዕሊ እንተደኣ ኰይኑ ነቲ ፍልልይ ባዕልኹም ክትከፍሎ ኢኹም። ካብ 25 ዓመት ንታሕቲ እንተደኣ ኰንኩም

ድማ ኣብ ብሓባር እትነብሮ መንበሪ ኣባይቲ ንምኽፋል ጥራይ ዘኽእለኩም ናይ ኣባይቲ ሓገዝ ትረክቡ። ቅድሚ ናይ ክራይ ውዕል ምኽፋልኩም ክንደይ ዝኣክል ናይ ኣባይቲ ኣበል ከም ዝወሃበኩም ምፍላጥ ጠቓሚ ይኸውን።

ናይቲ ናይ ከባቢ መንበሪ ኣባይቲ ኣበል ዋጋታት ኣብዚ መርበብ ሓበሬታዚ ክትርእዩ ትኽእሉ ኢኹም፥
https://lha-direct.voa.gov.uk/Secure/Default.aspx
ስራሕ ዘለኩም ኰንኩም እንተኾነ ግና ትሑት ኣታዊ ምስ ዝህልወኩም፡ ገለገለ ናይ ኣባይትን ናይ ካውንሲል ግብሪ ሓገዛትን ክትወስዱ ብቑዕ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም፤ ግናኸ ኣታዊኹም ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ።

**እቶም ወነንቲ ኣባይቲ ትሕጃ ይሓቱ – ክኽፍሎ ግን ዓቕሚ የብለይን።**

መብዛሕትኦም ናይ ግሊ ወነንቲ ኣባይቲ ኣብ ዝመጽእ ግዜ ኣብቲ ገዛ ዝኾነ ዕንወት ከይህሉ ወይድማ ዘይተኸፍለ ዕዳ ከይህሉ ብምባል ትሕጃ ከተትሕዙ ይሓቱ። ነቲ ናይ ክራይ ጊዜኹም ወዲእኩም ኣብ ትወጽሉ እዋን ተመላሲ ክኾለልኩም ነዚ ትህብዎ ትሕጃ ናይ ምዕቃብ ዝከላከል መንግስታዊ ኣሰራርሓ መደብ ድማ ይርከብ። ስለዝኾነ እቲ ወናኒ ኣባይቲ፡ እቲ ትሕጃ ድሕሪ ምኽፋልኩም ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ብዛዕባዚ ኣሰራርሓዚ ሓበሬታ እንተደኣ ዘይሃበኩም ኰይኑ፡ ምኽሪ ክትሓቱ ይግባእ። ከምእውን ክራይ ገዛ ኣቐዲምካ ኣብ መጀመርያ ናይቲ ውዕል ምኽፋል ልሙድ ኣሰራርሓ እዩ (ብዙሕ ግዜ ናይ ሓደ ወርሒ ክራይ)። ትሕጃ ወይድማ ክራይ ኣቐዲምኩም ንምኽፋል ገንዘብ እንተደኣ ዘይብልኩም ኰንኩም፡ ኣብ ከባብኺኹም ናይ ክራይ ውሕስነት ወይድማ ናይ ክራይ ትሕጃ ኣሰራርሓ ክህሉ ይኽእል እዩ – ብዛዕባዚ ናይ ከባቢኹም ቤት ምኽሪ ወይድማ ናይ ኣባይቲ ምሕሪ ዝህቡ ኤጀንሲታት ክነግርኹም ይኽእሉ እዮም።

ንኽራይ ዝኸውን ኣቐዲምኩም ካብ ናይ ስራሕን ሓገዛትን ቤት ጽሕፈት ናይ ባጀት ልቓሕ (Budgeting Loan) ወይድማ ናይ ሽግር ግዜ ልቓሕ ክትረኽቡ እውን ትኽእሉ ኢኹም፤ ኮይኑ ግን ነዚ ዝተፈለዩ ሰባት ጥራይ ብቑዓት ስለዝኮኑ ኣብቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ምኽርን ሓገዛትን ቤት ጽሕፈት ብምውካስ ኣረጋግጹ።

ድሕሪ ሰነ 11፡ 2007 ዓ.ም ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ ወይድማ ናይ ሰብኣዊ ደሕነት ከለላ እንተደኣ ተዋሂብኩም፡ ንናይ ክራይ ትሕጃ ዝኸውን ናይ ምውህሃድ ልቓሕ (Integration Loan) ንምቕባል ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ካብ ወለድ ናጻ ዝኾነ ልቓሕ እዩ። እቲ ናይ መመልከቲ ፎርም ከምእውን ናይ መምርሒ ጽሑፋት ካብ ናይ UKBA መርበብ ሓበሬታ ዳውንሎክ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

**ከም ግላዊ ተካራያይ ዘሎኩም መሰላት**

በቲ ወናኒ መንበሪ ኣባይቲ ክወሃቡ ዝግበኦም ነቲ ናይ ውዕል ዓይነት፣ ነቲ ክኽፍል ዘለዎ ክራይ፣ ናይ ኣተዓራርያ መስርሕ ናይቲ ኣባይቲ፣ ናይቶም ኣብኡ ዝቕመጡ ሰባት ውሕስነት ናብራ፣ ከምእውን ግቡእ ብዘይኮነ ምኽንያት ንተቐማጠ ምስጓግ ዝኣመሰሉ ነገራት ዝውስኑ ሕግታት ኣለዉ።

እቲ ናይ ክራይ ውዕል ኣብ ሞንጎኹምን ኣብ ሞንጎ እቲ ወናኒ ኣባይቲ ሕግታትን ስምምዕን ይምስርት። ዝተፈለለዩ ናይ ምክራይ ውዕላት ስለዘለዉ ኣብ ነፍሲ ወከፍ፡ ከከም ዓይነቶም ዝተፈለልየ መሰላት ይህልወኩም። ቅዳሕ ናይቲ ውዕል ክራይን ናይቲ እትኸፍሎ ናይ ክራይ ክፍሊትን ከም መረጋገጺ ክትሕዙ ይግባእ። መብዛሕትኡ ውዕል፡ እቲ ወናኒ ኣባይቲ ክትወጹ እንተደኣ ደሊኩም፡ ካልእ ቦታ ንምርካብ እኹል ግዜ ምእንቲ ክህልወኩም ብውሕዱ ናይ ሓደ ወርሒ ምልክታ ክህበኩም ይግባእ። ካብ ወርሒ ዝውሕድ ግዜ ምልክታ ተዋሂብኩም ክትወጹ እንተደኣ ተሓቲትኩም፡ ምኽሪ ንምርካብ ናብቲ ናይ ከባቢኹም ቤት ምኽሪ ወይድማ ናይ ሕጊ ማእከል ክትከዱ ይግባእ።

**ካብ ካልእኸ ሓገዝ ክረክብ እኽእል ዶ?**

እቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ዝተፈላለየ ምኽቲ ዝርከበሉ ቦታ (Citizens Advice Bureau - CAB) ዝያዳ ምኽሪ ክህበኩም ኣለዎ። ከምእውን ኣብ ከባቢኹም ናጻ ናይ ኣባይቲ ምኽሪ ዝህባ ማሕበራት ኣለዋ። ብዛዕባ'ዚ ካብ ናይ ከባቢኹም CAB ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

# 4. ክንክን ጥዕና

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ እቲ ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና (National Health Service - NHS) ሕክምና ንዘድልዮም ሰባት ናጻ ዝተፈለለዩ ናይ ሕክምና ኣገልግሎታት ይህብ። ብኸምዚ ዓይነት መንገዲ ድማ ይገብሮ፡ ናይ ቤተሰብ ሓኪም፣ (GP ተባሂሎም ዝጽውዑ)፣ ክሊኒካት፣ ሆስፒታላት፣ ሓካይም ስኒ፣ ናይ ጥኑሳት ሕክምና ኣገልግሎታት፣ ናይ ዓይኒ ሓካይምን መድሃኒት ዘቃምሙን። ከምእውን NHS ብዛዕባ ምክልኻል ጥንሲን ውጥን ስድራቤትን ሓገዝ ይህብ። ሓደሓደ ናይ NHS ሕክምናታት እቲ ኣገልግሎት ዝረክብ ሕሙም ክኸፍል ዝሓቱ ኣለዉ፡ እንተኾነ ግና ሓደሓደ ሕክምናታት ንኹሉ ሰብ ናጻ እዮም።

## ካብ GP ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ብኸመይ ክረክብ እኽእል?

ሓደ እንተደኣ ሓሙሙ እሞ ሕጹጽ ዘኾነ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት እንተደኣ ዘየድልዮ ኰይኑ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ናይ ከባቢ ዶክተር GP (ናይ ቤተሰብ ሓኪም) ይከዱ። GP ሕማም ክምርምሩን ክሕክሙን ይኽእሉኳ እንተኾኑ ብዝያዳ ነቲ ሕማም ንምፍዋስ ናብ ዝኽእሉ ካልኦት ሓካይም የሕልፍኹም። ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት፡ እዚ ማለት ዝያዳ ሕክምና ንምርካብ ናብ ሆስፒታል የሕልፍኹም ማለት እዩ። ቅድሚ ምሕማምኩም ኣብ ናይ GP ሕክምና ክትምዝገቡ ጠቓሚ እዩ ምኽንያቱ ድማ፡ ናብ መብዛሕትኦም ካልኦት ናይ ጥዕና ኣገልግሎታት ክትከዱ እትኽእሉ ብመንገዲ GP ኣቢልኩም እዩ።

ከምእውን ናብ ናይ NHS Direct ብቐጥታ ብስልኪ ቁ 0845 4647 ብምድዋል ብዛዕባ ናይ ሕክምና ሽግራት ናይ ጥዕና ምኽርን ሓበሬታን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ መስመር ሓበሬታዚ 24 ሰዓት ክፉት እዩ። ኣብቲ መርበብ ሓበሬታኦም www.nhsdirect.nhs.uk ብዛዕባ ናይ ሓባር ናይ ጥዕና ሽግራት ብዙሕ ሓበሬታታት ይርከብ።

## GP ብኸመይ እረክብ ከምእውን ብኸመይ እምዝገብ?

ካብቲ ኣብ ቀረባኹም ዘሎ ቤት ንባብ፣ ናይ NHS Direct መርበብ ሓበሬታ፣ ካብ ኣብ ከባቢኩም ዝቕመጡ ሰባት፣ ወይድማ ብ UKBA ዝወሃብ መንበሪ ኣባይቲ እንተደኣ ትቕመጡ ኰንኩም ካብቲ ወናኒ ኣባይቲ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ቀረባኹም ዘሎ ሓኪም ምምራጽኩም ኣረጋግጹ። ጓል ኣንስተቲ GP እንተደኣ ደሊኹም ድማ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ከባቢ ክሊኒክ ነቶም ኣብ ከባቢኦም ዝነብሩ ወይ ዝቕመጡ ሰባት ጥራይ ክቕበሉ ይኽእሉ እዮም። ናይ GP ቆጸራ ኣብ እትገብርሉ ግዜ፡ እኹል ቋንቋ እንግሊዝ ክትዛረቡ እንተደኣ ዘይትኽእሉ ኰንኩም፡ ነታ ተቐባሊት ኣጋይሽ ኣተርጓሚ ከምዘድልየኩም ሓብርዋ።

ሓኪም ንምርኣይ ክትምዝገቡ ከለኹም ነቲ ካብ UKBA ዝተቐበልክሞ መንበሪ ፍቓድ ከተርእዩ ከምእውን እንተደኣ ተኻኢሉ ናይ ኣድራሻኹም መረጋገጺ ከተርእዩ ኣሎኩም ማለት እዩ። ናይ መጥባሕቲ ሓኪም ብዙሕ ግዜ ኣብ ከባቢ ዝነብሩ ሰባት ጥራይ ክቕበል ይኽእል እዩ።

እቲ GP ድሮ ብዙሓት ሰባት እንተደኣ ተቐቢሉ ኰይኑ ከይቅበለኩም ይኽእል እዩ። ኣብ GP ንምምዝጋዝ ሽግር እንተደኣ ኰይንኩም፤ ነቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ፈለማ ጥዕና ሓላፊ፣ ወይድማ ኣብ ከባቢኹም ብዛዕባ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ምቕራብ ዝምልከቶ ማሕበር ክትውከሱ ይግባእ። ድሕሪ ምምዝጋብኩም በታ ኣብቲ ሕክምና እትርከብ ነርስ ሓፈሻዊ ናይ ኩሉ ምርመራ ክግበረልኩም እዩ። ኣብ GP ድሕሪ ምምዝጋብኩም ኣብቲ ናይ ህክምና ማእከል ብምኻድ ንኽትረኣዩ ቆጸራ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

## ኣብ ግዜ ኢመርጀንሲ እንታይ ክግበር ይከኣል?

ሓደጋ ወይድማ ሃብደበት ብርቱዕ ሕማም እንተደኣ ኣጋጢሙካ፡ ነቲ ኣብ ቀረባኹም ሆስፒታል ዘሎ ናይ ክፍሊ ናይ ሓደጋን ኢመርጀንሲን (Accident and Emergency) ክትውከሱ ይግበኣኩም። ናብኡ ባዕልኹም ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም እንተኾነ ግና መብዛሕትኡ ግዜ ሰባት 999 ብምድዋል ኣምቡላንስ ይጽውዑ። ናይ ኢመርጀንሲ ሕክምና ኩሉ ግዜ ናይ ናጻ እዩ።

## መድሃኒታት

መድሃኒት ኣብ እትደልይሉ እዋን እቲ GP ናይ መድሃኒት መአዘዚ ይጽሕፈልኩም እሞ ናብ መድሃኒት ቤት ብምኻድ ትወስድዎ። መብዛሕትኦም ዓበይቲ ሰባት ንናይ መድሃኒት ክኸፍሉ ኣለዎም፡ ንገለገለ ጉጅለ ሰባት ግና ናጻ እዩ፤ ንኣብነት ናይ ገንዘብ ሓገዛት ንዝቕበሉ ሰባት።

## 5. ትምህርቲ ንዓበይቲ

**ናይ እንግሊዘኛ ቋንቋ ንኻልእ ቋንቋ ዝዛረቡ ሰባት (English for Speakers of Other Languages - ESOL) ማለት እንታይ ማለት እዩ?**

ESOL ኣብ ናይ ትምህርቲ ኮሌጃትን ናይ ማሕበረሰብ ማእከላትን ዝወሃብ ትምህርቲ እዩ። ኣተኩሩኡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝነበሩ ስደተኛታት ክኸውን እንከሎ፡ ሰባት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ስራሕ ክረኽቡ፣ ንኽመሃሩን ክነብሩን ንምሕጋዝ ዝዓለመ እዩ። ከምእውን ESOL ነቶም ናይ እንግሊዛዊ ዜግነት ንምርካብ ዝደልዩ ሰባት ጠቓሚ እዩ።

**ኣበየናይ ናይ ESOL ደረጃ ከም ዝኾንኩም ብኸመይ እፈልጥ?**

ሹድሽተ ደረጃታት ናይ ESOL ኣለዉ። ናይ ESOL ትምህርቲ ንምውሳድ ከተመልክቱ ከለኹም፡ ብዙሕ ግዜ እቲ ኮሌጅ ወይድማ ትካል ኣበየናይ ናይ ESOL ደረጃ ምዃንኩም ንምውሳን መገምገሚ ፈተና ክትወስዱ የዳልወልኩም።

**ናይ ESOL ትምህርቲ ንምውሳድ ብኸመይ ከመልክት እኽእል?**

ናይ ESOL ትምህርቲ ንምውሳድ ነቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ምቕጻል ትምህርቲ ኮሌጅ ክትውከስዎ ይግባእ። እቲ ትምህርቲ ብሓሸፉ ኣብ መስከረም እዩ ዝጅምር። ንዓኹም ዝሰማማዕ ናይ ESOL ትምህርቲ ዝህባ ኮለጃት ናይ ምርካብ ሽግር እንተደኣ ኣጋጢምኩም፡ ነቲ ናይ ስራሕን ሓገዛትን ቤት ጽሕፈት ብምውካስ ሓገዝ ክህበኩም ሕተቱ። Most ESOL ትምህርቲ ንናይ ገንዘብ ሓገዛት ዝቕበሉ ሰባት ብናጻ ይወሃብ።

**ኣህጉራዊ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ፈተና ሲስተም (International English Language Testing System - IELTS) እንታይ እዩ?**

IELTS ፍሉጥ መለክዒ ዘለዎ ኣህጉራዊ ናይ ቋንቋ እንግሊዘኛ መፈተኒ ሲስተም እዩ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ዮኒቨርሲቲ ንምምሃር፡ ብሓፈሻኡ ናይ IELTS ፈተና ምውሳድ የድሊ።
ብዙሕ ግዜ ሰባት ነቲ ፈተና ምእንቲ ክዳለዉ ጽዑቕ ስልጠና ዘለዎ ትምህርቲ ይወስዱ። ናይ መፈተኒ ማእከል ንምርካብ ኣብዚ ተመልከቱ፡ http://www.ielts.org/test_takers_information.aspx

### ተወሳኺ ትምህርቲ

**ተወሳኺ ትምህርቲ እንታይ እዩ?**

ተወሳኺ ትምህርቲ ክበሃሉ እንከለዉ፡ ካብቲ ናይ መደበኛ ትምህርቲ ንላዕሊ ዝኸዱ እንተኾነ ግና ካብ ናይ ዲግሪ ደረጃ ንታሕቲ ዝኾኑ ናይ ትምህርቲ ዓይነት እዮም። እዚ ዓይነት ትምህርቲ እዚ ደረጃ ኤ (A Levels)፣ ደረጃ ኤኤስ (AS Levels)፣ BTEC፣ ከምእውን ናይ ቴክኒክ ትምህርቲ የጠቓልል። ብዙሕ ግዜ፡ ናብ ናይ ዲግሪ ደረጃ ንኽቕበሉኻ፡ ኣድላዪ ዝኾነ ምስኡ ዝተሓሓዝ ተወሳኺ ክእለት ክህልወካ የድሊ።

**ንናይ ተወሳኺ ትምህርቲ ክኸፍል የድልየኒ ድዩ?**

መብዛሕትኦም ናይ ተወሳኺ ትምህርቲ ንስደተኛታት ብናጻ ይወሃቡ።

**ተወሳኺ ትምህርቲ ንምውሳድ ብኸመይ ከመልክት እኽእል?**

ንመብዛሕትኡ ናይ ተወሳኺ ትምህርቲ ከተመልክቱ ብቐጥታ ነቲ ትካል ወይድማ ኮሌጅ ክትውከሱ የድልየኩም።

## ዝለዓለ ናይ ትምህርቲ ደረጃ

**ዝለዓለ ናይ ትምህርቲ ደረጃ እንታይ እዩ?**

ዝለዓለ ናይ ትምህርቲ ደረጃ ክበሃል እንከሎ ነቲ ኣብ ዩኒቨርሲታት ዝወሃብ ናይ ዲግሪ ደረጃ ዘለዎ ትምህርቲ የመልክት።

**ንዝለዓለ ናይ ትምህርቲ ደረጃ ብኸመይ ከመልክት እኽእል?**

ብመንገዲ **UCAS** ዝበሃል ማሕበር ነቲ ዓይነት ትምህርቲ ብምድላይ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ።
ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ተመልከቱ www.ucas.com ወይድማ በዚ ቁጽሪዚ ደውሉ 0871 468 0 468።

**ካብቲ ናይ ትምህርቲ ክፍሊት መጠን ክንደይ ዝኣክል ክኸፍል ኣሎኒ?**

መንበሪ ፍቓድ እንተደኣ ተዋሂብኩም ኰይኑ፡ ነዚ ናይ ወዲ ሃገር ('home fees') ዝበሃል ክፍሊት ክትከፍሉ ብቑዓት ትኾኑ። እዚ ማለት ድማ፡ ልክዕ ከም እንግሊዛዊ ዜጋ ሓደ ዓይነት ዋጋ ክትከፍሉ ትኽእሉ ማለት እዩ። እቶም ካብ ወጻኢ ዓዲ ዝመጹ ተመሃሮ ግን ዝለዓለ ናይ መምሃሪ ክፍሊት ክኸፍሉ ይግደዱ።

እትወስድዎ ትምህርቲ ከም ናይ ወጻእተኛታት ክፍሊት ('overseas fees') እንተደኣ ጀሚርክሞ እሞ ገና ትምህርትኹም እንዳወሰድኩም እንከለኹም መንበሪ ፍቃድ እንተደኣ ተዋሂብኩም፡ ነቲ ኮሌጅ ወይድማ ዩኒቨርሲቲ ብምሕባር ኩነታትኩም ከምእተቐየረ መረጋገጺ ከተርእይዎም ይግባእ። ብድሕሪኡ ነቲ ዝቕጽል ናይ ትምህርቲ ዓመት ከም ናይ 'ወዲ ሃገር' ክፍሊት ከኽፍሉኹም ይግባእ።

መንበሪ ፍቃድ ናይ ዝተወሃቦ ሰብ ዉላድ፣ በዓል ሓዳር፣ ወይድማ ብጻይ/ይቲ እንተደኣ ኾንኩም፡ ናይ 'ወዲ ሃገር' ክፍሊት ክትከፍሉ ብቑዓት ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ኮሌጅ ወይድማ ዩኒቨርሲቲ ናይቲ ኣባል ቤተሰብኩም ናይ መንበሪ ፍቓድ ብዝምልከት መረጋገጺ ከምእውን ምስኡ ዘለኩም ዝምድና እንታይ ምዃኑ ዝገልጽ መረጋገጺ ክሓተኩም እዩ።

## ናይ ተማሃራይ ደገፍ

**ናይ ተማሃራይ ደገፍ ማለት እንታይ እዩ?**

ናይ ተመሃራይ ደገፍ፡ ተማሃሮ ናይ መምሃሪ ክፍሊት ከምእውን ናይ ናብራ ወጻኢታት ንኽሕግዞም ዝሓትዎ፡ ንዝተፈለየ ዓይነት ሓገዛትን ልቓሓትን ዝተወሃበ ስም እዩ። እዚ ክርከብ ዝኽእል፡ ካብዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ዓይነት ትምህርትታት ሓደ እንተደኣ ትወስዱ ኰንኩም እዩ፥

- ድግሪ (Undergraduate degree)
- ዝለዓለ ሃገራዊ ዲፕሎማ (Higher National Diploma - HND)
- ዝለዓለ ሃገራዊ ሰርቲፊኬት (Higher National Certificate - HNC)
- ናይ ዝለዓለ ትምህርቲ ዲፕሎማ (Diploma of Higher Education)
- ናይ መማህራን ስልጠና ትምህርቲ

ናይ ተማሃራይ ደገፍ ከምዞም ዝሰዕቡ የጠቓልል፥

- ንናይ ትምህርቲ ክፍሊት ዝውዕል ልቓሕ
- ንናይ ናብራ ወጻኢታት ዝውዕል ልቓሕ
- ንዝተፈለዩ ክፍሊ ተማሃሮ ዝወሃብ ሓደሓደ መመላእታ ገንዘብ
- ካብ ትሑት ኣታዊኦም ቤተሰብ ዝመጹ ተማሃሮ ንዓመት፡ ክሳብ £2835 ዝበጽሕ ልቓሕ ዘይኮነ ናይ ገንዘብ ሓገዝ

**ናይ ተማሃሮ ደገፍ ንምርካብ ከመልክት ብቑዕ ድየ?**

ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ እንተደኣ ተዋሂብኩም ኰይኑ፡ ንናይ ተማሃሮ ደገፍ ንምርካብ ከተመልክቱ ብቑዕ ኢኹም ማለት እዩ።

ናይ ሰብኣዊ ውሕስነት ክለላ፣ ግዜያዊ መንበሪ ፍቓድ፣ ወይድማ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ እንተደኣ ተዋሂብኩም ኰንኩም ናይ ተማሃሮ ደጋፍ ንምርካብ ቅድሚ ምምልካትኩም ኣብ ዓዲ እንግሊዝ እንተወሓደ ንሰልስተ ዓመት ክትቅመጡ ይግባእ።

**ናይ ተማሃሮ ደገፍ ንምርካብ ብኸመይ የመልክት?**

ንናይ ተማሃሮ ደገፍ ንምምልካት ብቐጥታ ናብ ናይ **ከባቢ ናይ ትምህርቲ በዓል ስልጣን (Local Education Authority)** ክተመልክቱ ይግባእ። እዚ ኣብ ውሽጢ ቤት ምኽሪ ከባቢ ዝርከብ ክፍሊ ትምህርቲ እዩ።

ብዛዕባ ናይ ተማሃሮ ደገፍ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ተመልከቱ፥
http://www.direct.gov.uk/en/EducationAndLearning/UniversityAndHigherEducation/StudentFinance/index.htm

ብዛዕባ ናይ ድሕሪ ትምህርቲ ዲግሪ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ምርካብ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ተመልከቱ፥
http://www.direct.gov.uk/en/EducationAndLearning/UniversityAndHigherEducation/ChoicesAfterYouGraduate/DG_10012463

**እዚ ዘሎኒ ብቕዓት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ተፈላጥነት ምእንቲ ክረኽብ ከመይ ጌረ ክቕይሮ እኽእል**

ኣብ ወጻኢ ሃገር ድሮ ዘጥረኽሞ ብቕዓት ብዝምልከት ሓበሬታ ንምርካብ ከምእውን፥ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ልክዕ ከም ናይ ዓዲ እንግሊዝ ብቕዓት ይቑጸሩ እንተኾይኖም ንምፍላጥ ነቲ ተፈላጥነት ሃገራዊ ትምህርቲ ናይ ሓበሬታ ማእከል **(National Academic Recognition Information Centre - NARIC)** ክትውከስዎ ይግባእ። ንሓፈሻዊ ዝኾኑ ሕቶታት ናይ ናጻ መልሲ ክትረኽብሎም ትኽእሉ ኢኹም እንተኾነ ግና ብዛዕባ ብቕዓትኩም ዝምልከት ጽሑፋዊ ግምገማ እንተደኣ ደሊኹም £47 ክትከፍሉ ይግበኣኩም። ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ብኽብረትኩም ንNARIC ብስልኪ ቁጽሪ 0871 330 7033 ብምድዋል ተወከሱ።

ብተወሳኺ ዝተፈለየ ክእለት ዘለዎም ስደተኛታት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ስራሕ ንምርካብ ዝሕግዙ ኪኢላታት ማሕበራት ኣለው።

ስደተኛታት መማሃራን – www.refugeesintoteaching.org.uk
ስደተኛታት ኢንጂነራት – www.olmec-ec.org.uk/main.cfm?Type=SF&MenuId=344
ስደተኛታት ናይ ክንክን ጥዕና ክኢላታት – www.rose.nhs.uk

**ዘሎኒ ክእለት ንምምሕያሽን ስራሕ ኣብ ምድላይ ዝሕግዘኒን ካልእ ክወስዶ ዝኽእል ዓይነት ትምህርቲኸ ኣሎዶ?**

ብዙሓት ዝተፈለለዩ ናይ ትምህርቲ ዓይነታት ኣለው። ዘገድሰኩም ዓይነት ትምህርቲ ንምድላይ ብኽብረኩም ኣብዚ ተመልከቱ፥
http://careersadvice-findacourse1.direct.gov.uk/pls/hot_ca/ld_all_home.page_pls_all_home_adv

ብዛዕባ ትምህርቲ ናይ ዓበይቲ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፥ ንብቐጥታ ምምሃር (Learn Direct) ብስልኪ ቁጽሪ 0800 1011901 ተወከሱ ወይድማ ኣብዚ ተመልከቱ www.learndirect.co.uk

**ናይ ናጻ ብፍቓድ ዝግበር ስራሕ ክሰርሕ እደሊ እየ**

ናይ ናጻ ብፍቓድ ዝግበር ስራሕ፥ ናይ ስራሕ ክእለትኩም ከመሓይሽ እንከሎ፥ ክፍሊት ከይተቐበልኩም ግዜኹምን ክእለትኩም ብምውፋይ ነቲ ኮሚኒቲ ዝሕግዝ እዩ።

ምስ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ስራሕ ባህሊ ንምልላይ፣ ሓድሽ ክእለትን ተሞክሮን ንምውሳኽ፣ ናይ እንግሊዘኛ ቋንቋኹም ንምምሕያሽ ከምእውን ስራሕ ንምርካብ ተሓተቲ ሰባት ንኽህልውኹም ይሕግዘኩም።

ብዛዕባ ብናጻ ብፍቓድ ዝግበር ስራሕ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ፥ www.volunteering.org.uk ወይ
http://jobseekers.direct.gov.uk

## 6. ናይ መጎዓዚ ሰነዳት

ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ፣ ናይ ሰብኣዊ ከለላ ውሕስነት፣ ግዜያዊ መንበሪ ፍቓድ ከምእውን ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ እንተደኣ ተዋሂብኩም ኰይኑ፡ ነቲ ናይ ኢሚግሬሽን ፍቓድ ሰነድ ዝትክእ ናይ መጎዓዚ ሰነድ ንኽወሃበኩም ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ መጎዓዚ ሰነድ ከም ወግዓዊ ID ኮይኑ ከገልግል እንከሎ ከምእውን ካብ ዓዲ እንግሊዝ ወጻኢ ንምጋሽ ዘገልግል ሰነድ እዩ። ብናይ መጎዓዚ ሰነድ ናብ መበቆል ዓድኹም ክትገሹ ኣይትኽእሉን ኢኹም፤ ከምእውን ካብ ዓዲ እንግሊዝ ወጻኢ ናብ ሙብዛሕትአን ካልእ ዓድታት ብምጋሽ ቪዛ ክትሓቱ ክድልየኩም እዩ።

ሰለስተ ዓይነት መጎዓዚ ሰነዳት ኣለው። እቲ እተመልክትዎ ዓይነት ሰነድ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ እንታይ ዓይነት መንበሪ ፍቓድ ከምዘሎኩም ይውሰኖ።

**እቲ ልሙድ መጎዓዚ ሰነድ (Convention Travel Document)፡ ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ**

**ናይ መጎዓዚ ሰርቲፊኬት (Certificate of Travel)፡ ናይ ሰብኣዊ ድሕነት ዑቕባ፣ ግዜያዊ መንበሪ ፍቓድ፣ ፍሉይ ናይ ምእታው ፍቓድ፣ ንዘይተወሰነ ግዜ ዝወሃብ ናይ መንበሪ ፍቓድ**

እዚ እንተደኣ ዝምልከተኩም ኮይኑ፡ እቲ ሃገራዊ በዓል ስልጣን 'ብወግዒ ከምእውን ብዘይ ምኽንያት' ፓስፖርት ክህበኩም ከምዝኣበየ ንUKBA ከተርእይዎ ይግባእ። ነቶም ናይ ሃገርኩም ሰበ ስልጣናት ክትሓትዎም ትፈርሑ እንተደኣ ኰንኩም፡ እዚ ፍርሂ ድማ ኣካል ናይ ዑቕባ መሕተቲኹም ምኽንያት እንተደኣኮይኑ፡ ከምዚ ክትገብሩ ኣየድልየኩምን ኢዩ። ኩነታትኩም ከምዚ እንተደኣ ኮይኑ፡ ናይ መጎዓዚ ሰርቲፊኬት ክወሃበኩም ቅድሚ ምምልካትኩም፡ ካብ ናይ ሕጊ ወኪል ወይድማ ናይ ኮሚኒቲ ናይ ስደተኛታት ማሕበር ምኽሪ ክትደልዩ ይግበኣኩም።

**ናይ ሃገር ዘይብሉ ሰብ ናይ መጎዓዚ ሰነድ (Stateless Person's Travel Document)፡ ዓዲ ዘይብሉ ሰብ**

**ናይ መጎዓዚ ሰነዳት ንምርካብ ምምልካት**

ዋጋታት ናይዞም ሰለስተ ሰነዳት ክለዋወጥ እንከሎ ናይ ቆልዑ ሰነዳት ድማ ዝተሓተ ዋጋ የኽፍል። ነቲ ካብ ናይ UKBA መርበብ ሓበሬታ www.ukba.homeoffice.org.uk ከተውጽእዎ እትኽእሉ ናይ ሆም ኦፊስ ናይ መጎዓዚ ፎርም (TD112) ብምምላእ ክተመልክቱ ይግባእ።

እቲ ናይ መወዳእታ ገጽ ናይቲ ፎርም ብፕሮፈሽናል ዝኾነ ግለሰብ ክምላእ ይግባእ። ከምእውን ኣብ ድሕሪ ክልተ ናይ ፓስፖርት ስእሊታት ከምዚ ኢሎም ክጽሕፉ ይግባእ፥ 'እዚ ናይ ሓቀኛን ቅኑዕን ምስሊ እዩ' ('This is a true and correct likeness of')፤ ብምስዓብ ድማ ስምኩምን ናይ ሆም ኦፊስ መለለዪ ቁጽሪ ከምእውን ክታምኩም ክህልዎ ይግባእ።

ፕሮፈሽናል ግለሰብ ዝበሃል ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ ክኸውን እንከሎ፡ ኣባል ናይ ቤተሰብኩም ግና ክኸውን የብሉን፥

- ሓኪም
- ናይ ሃይማኖት ኣገልጋሊ
- ናይ ማሕባራዊ ናብራ ሰራሕተኛ
- ፖሊስ
- መምህር
- ዓቃቤ ሕጊ
- ናይ ቤት ማእሰርቲ ሰራሕተኛ
- ናይ ባንኪ ኣማሓዳሪ
- ጠበቓ
- ናይ ኢሚግሬሽን ኣማኻሪ (OISC ደረጃ ሓደ/ኤ.ኤ.ኤስ ደረጃ ሓደ)

ናይ መጉዓዚ ሰነዳትኩም ምእንቲ ክዳሎ ዝደዳ ክትከፍሉ የብልኩምን። ንUKBA ጥራይ ክትከፍሉ ይግበኣኩም። ምስቲ ናይ መጎዓዚ መመልከቲ ወረቓቕቲ ኦሪጂናል ዝኾነ ሰነዳት ኣይትልኣኹ፤ ቅዳሕ ጥራይ ለኣኹ።

ንUKBA (ን Home Office ተኸፊሊ ዝኸውን) ብመንገዲ ክረዲት ካርድ፣ ቼክ፣ ወይድማ ናይ ፖስታ ኦርደር (Postal Order) ክትከፍልዎ ትኽእሉ ኢኹም።

UKBA ነቲ ዘቕረብክሞ ሕቶ እንተደላ ነጺግዎ፣ ወይድማ ባዕልኹም እንተደላ ስሒብክሞ፣ ነቲ ዝኸፈልክሞ ገንዘብ ከምዘይመልሰልኩም ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ፤ ስለዝኾነ ድማ ነቲ ተመልክትዎ ዘለኹም ናይ ጉዕዞ ሰነዳት አቐዲምኩም ብቑዕ ምኺንኩም ከተረጋግጹ ከምእውን እቲ ዘድልዮም መረጋገጺ ብምልኡ ከተማልኡ ይግበኣኩም። ብዛዕባ መጎዓዚ ሰነዳት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ተመልከቱ፡ www.ukba.homeoffice.gov.uk

## 7. ምትእኽኻብ ቤተሰብ

**ስድራይ ናብ ዓዲ እንግሊዝ መጺኦም ምሳይ ክነብሩ ይኽእሉ ዶ?**

እንተድኣ ናይ ስደተኛ መንበሪ ፍቓድ ሃልዩኩም ስድራኹም ድማ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ወጻኢ እንተሊዮም፡ ገሊኦም መጺኦም ምሳኹም ክነብሩ ይኽእሉ። ቅድሚ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ምምጻእኩም በዓል/ቲ ቤት እንተኤሮምኹም፡ ወይ ድማ ትሕቲ ደቂ 18 ዓመት ቆልዑ እንተሊዮምኹም፣ ከምናትኩም ወረቐት ክረኽቡ ከመልክቱ ይኽእሉ። ኣብ ሓድ ሓደ ጉዳያት ካልኦት አባላት ስድራ እውን ከመልክቱ ይኽእሉ ኢዮም።

ኢዚ ምትእኽኻብ ናይ ስድራ ይበሃል፣ እቲ ምልክታታት ድማ ብወኪል ሕጊ ክፍጸም አለዎ። እቶም ሕጊ ወኪል ናይ ዑቕባ ምልክታ ከተቅርቡ ዝተሓጋገዘኩም ክሕግዝኹም ይኽእሉ ኢዮም። እንተድኣ ዘይትሰርሑ ሃሊኹም ፡ ናይ ሕጊ ወኪል ክኽፍለኩም አይግባእን። ንUKBA ስድራኹም ናብ ዓዲ እንግሊዝ ቅድሚ ምምጽኦም ክትአልይዎም ከምትኽእሉ ምርኣይ ኣየድልየኩምን ኢዩ። ናይ ስደተኛ መንበሪ ፍቓድ አብ ዝተቐበልኩምላ እዋን ናይ ስድራ ምትእኽኻብ ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ።

ናይ ሰብኣዊ ድሕነት ዑቕባ፡ ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ ወይ ድማ ንዘይተወሰነ ግዜ ዝወሃብ ናይ መንበሪ ፍቓድ እንተ ኣልይኩም እሞ ንናይ ስድራ ምትእኽኻብ ከተመልክቱ እንተ ደሊኹም ካብ ወኪል ሕጊ ምኽሪ ርኸቡ። ንዝበለጸ ሓበሬታ ብዛዕባ ምትእኽኻብ ስድራ አብ ዓዲ እንግሊዝ ናብዚኣ መርበብ ሓበሬታ ብኽብረትኩም ብጽሑ www.ukba.homeoffice.gov.uk

## 8. ሕሳብ ባንኪ ምኽፋት

**ሕሳብ ባንኪ ክኸፍት እኽእል ዶ?**

ናይ ስደተኛታት መንበሪ ወረቐት፡ ናይ ሰብኣዊ ድሕነት ዑቕባ፡ ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ ወይ ድማ ንዘይተወሰነ ግዜ ዝወሃብ ናይ መንበሪ ፍቓድ እንተ ኣልይኩም ናይ ባንኪ ሕሳብ ክትከፍቱ ትኽእሉ ኢኹም። ሓደሓደ እዋን ግና ባንክታት ብዙሕ ሓበሬታታት ክርእዩ ስለዝደልዩ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

ናይ ባንኪ ሕሳብ ክትከፍቱ መንነትኩም፡ ናይ መንበሪ ፍቓድኩምን ኣድራሻኹምን ዘርኢ ሰነዳት ነታ ባንኪ ክትህቡ ከድሊ ኢዩ። ሓደሓደ ባንክታት ካብ ካልኦት ባንክታት ዝያዳ ሓበሬታ ክርእያ ይደልያ ኢየን። እንተ ወሓደ ግና እዚአን ከተርእዩ ከድልየኩም ኢዩ፤

- **ስእሊ ዘለዎ ወረቐት መንነት፡** ሰነድ መንበሪ ፍቓድ፣ ፍቓድ መዘወሪ ማኪና (ፓተንቲ) ፣ ማዓልቱ ዘይወደቀ ፓስፖርት (ARC ቅቡል አይኮነን)
- **ሓደ መርትዖ ናይ ትቕመጥሉ ኣድራሻ፡** ደብዳበታት ካብ UKBA ሽምኩም ዘለዎ ናይ ክፍሊት ወረቐት (ናይ ማይ ናይ ኣለክትሪክ ወዘተ) ፡ ደብዳበታት ካብ ቤት ጽሕፈት ስራሕን ሓገዛትን።

ባንኪ ካብዚ ዝያዳ ሓበሬታ እውን ክሓቱ ይኽእሉ ኢዮም፣ ንኣብነት፡ ናይ እቶትኩም መርትዖ።

### ሕሳብ ካርድ ቤት ፖስጣ (Post Office Card Account)

ናይ ባንክ ሕሳብ ክትከፍቱ እንተዘይክኢልኩም ሕሳብ ካርድ ቤት ፖስጣ ክትከፍቱ ትኽእሉ ኢኹም። ሕሳብ ካርድ ቤት ፖስጣ ምስ ናይ ባንክ ሕሳብ ተመሳሳሊ ኢዩ። ምኽፋት ሕሳብ ካርድ ቤት ፖስጣ ካብ ምኽፋት ናይ ባንኪ ሕሳብ ይቐልል።

ኣብ ጥቓኹም ዘሎ ቤት ጽሕፈት ስራሕን ሓገዛትን ብምኻድ ሕሳብ ካርድ ፖስጣ ክትከፍቱ ስለዝደለኹም 'ናይ ዕድመ ደብዳበ' ክህብኹም ሕተትዎም። እቲ ሕሳብ ክትከፍቱ ነዛ ደብዳበ ናብ ጥቓኹም ዘሎ ቤት ጽሕፈት ፖስጣ ውሰዱዋ።

## 9. ሕጋዊ ምኽሪ

እንተድኣ ዘይትሰርሑ ሃሊኹምን እቶትኩም ድማ ውሑድ እንትኰይኑን ነጻ ናይ ሕጊ ምኽሪ ክትረኽቡ ይግብኣኩም። መንግስቲ ዓዲ እንግሊዝ ምስ ሕጊ ዝተሓሓዘ ወጻኢታትኩም ክኸፍለልኩም ኢዩ፡ እዚ ድማ ሕጋዊ ሓገዝ (Legal Aid) ይበሃል። ናይ ሕጊ ወከልቲ ድማ ብጠበቓታት፣ ወይ ድማ ናይ ሕጊ ኣማኸርቲ ኢሎም ንነብሶም ይጽውዕዋ።

እንተድኣ ዘይትሰርሑ ሃሊኹምን ወላሓንቲ እቶት እንተዘይብልኩምን፡ ናይ ሕጊ ወኪልኩም ከኽፍለኩም ኣይግባእን። እንተድኣ ኣኽፊሎምኹም ካልእ ሓዲሽ ናይ ሕጊ ወኪል ክትሕዙ ይግባእ።

ናይ ሕጊ ወኪል ምስ ሕጋዊ ሓገዝ ክሰርሑ ዝኽእሉ ንምርካብ ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዘሎ ማእከል ሕጊ ተወከሱ፣ http://www.lawcentres.org.uk ወይ ድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ኮሙኒቲ ሕጋዊ ምኽሪ (Community Legal Advice)፡ http://www.communitylegaladvice.org.uk/ ወይ ድማ ናብ 0845 345 4345 ደውሉ።